# ታሪኽ ማህደረቃል ተወልደመድህን ብኸፊሉ
# ====/////=====//////=====//////=====/////===

**ኣብራሃም ብርሃነ**
**09-24-21**

ክቡራትን ክቡራንን ኣንበቲ፡ብዛዕባ ዓቢይ ምሁር ማህደረቃል ተወልደመድህን ንሎሚ ብኸፊሉ ከቕርብ ህርድግ ክብል እየ።ኣብ'ዛ ንሕጂ ኣቕሪበልኩም ዘሎኹ ሓጻር ጽሕፍቲ፣ቕድሚ ሎሚ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቦ ቀሪቡ ምንባሩ ከዘካኽር እፈቱ።

"#ዓቢይ ምሁር ማህደረ-ቃል ተወልደመድህን ነዚኦም ኣብ ታሕቲ ዘሎ ስእሊ ይመስል ነበረ።



#ቕድሚ 150 ዓመት፡ንመመላእታ 12 ዓመታት፡ ኣብ ሃገረ ፈረንሳ፣ኣብ ማልታ፣ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ወዘተን ተማሂሮም ብምቕጻል ድማ ኣብ ሃገረ-ምስሪ(ግብጺ) ድማ ማህደረ-ትምህርቶም ንምዕማቑን ንምስፋሕን ዓሊሞም ምቕሳም መኣዛ ፍልጠት ቀፀልሉ።

እዚ ኹሉ ዕድል ሳላ ማህበር ኢየሱሳውያን ድማ ኢዮም ዘረኸብዎ።

ኣብ ከረን፣ባጽዕ፣ዓድዋ፣ኣብ ሰገነይቲ፣ኢሮብ፣ጎንደርን ወዘተን 'ዘለካ ተወከፍ-ዘይብልኻ ኣይትሰከፍ'- ከም ዝበሃል ፍልጠቶም ብዘይ ዝኰነ ማሓሕል ኣወፍዮም ኢዮም።

ንሃጸይ ቴድሮስ፣ንሃጸይ ዮሃንስን ንኣሉላ ኣባ ነጋን ኸኣ ደርማስ ኣበርኺቶ ኣብ ሞያ ዓውዲ ዲፕሎማስን ምትርጓምን ኰነ ኣብ ጽሑፍን ግብኦም ተዋጺኦም ኢዮም።

#ብዛዕባ ማህደረ-ቃል ተወልደመድህን ንፈለማ እዋን ዘሰማዕኹን ዝፈለጥኹን፡ካብ'ቲ ኣዚዩ ህርኩትን ኣብነታውን ጋዜጠኛን ጸሓፍን የማነ መኰነን(ሊሎ) ኢዩ።ንነፍስሄር ሊሎ ድማ ምስጋናይ ከውሕዘሉ እፈቱ።"

ብዛዕባ ማህደረ-ቃል ተወልደመድሕን ብዙሕ ኣይዝረብን ኢዩ።ብዙሕ እውን ከጸሓፍ ኣይረኣይን ኢዩ።እንተኰነ ኣብ ገለ ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ኣብ ገለ-ገለ ጋዜጣታትን ሕልድፍ-ሕልፍ ቢሉ ቕድሚ ሓያሎ ዓመታት ብቑራቦ ናብ ኣንበብቲ ይቐርብ ምንባሩ ታሪኽ ይሕብረና ኢዩ።

ንሎሚ እዘን ጽሑፋት ናባኩም ከብሎ ከለኹ፡ኣብ ዝቕጽል ድማ ማህደረ-ቃል ዝብል መጸዊዒ ስሞም ድዩ፧ ወይ ማዕረግን መግለጺ ክብርን ኢዩ፧ ኣበይ ተወሊዶም፧ ኣብ ኣድያቦ ድዩ ኣብ ዓድዋ፧ ኣብ ባጽእ ወይ እምኹሉ ተማሂሮም ድዮም ኣስተምሂሮም ጥራሕ፧ ወዘተ ክንተክፎ ክፍትን እየ።

እዚእ ትስዕብ ኸኣ መሊሽ ኤቕርበልኹም ኣሎኹ።ሰናይ ንባብ!

... ትሕዝቶ ስርዓት ትምህርቲ ኤውሮጳ ምስ'ቶም ማኅበር ኢየሱሳውያን እዩ ተኣታትዩ ብዝብል ርድኢት ይኹን ገለ-ገለ መጽናዕታት እኒ ፕሮፌሰር ርቻርድ ፓንክርያስት ካልኦት ምሁራትን ከም ዝምስኽሮ-እቲ ተጀሚሩ ዝነበረ ባህጊ ብርቱዕ ባህጊ ትምህርቲ-ኣብ መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ዕማማት ተቋሪጹ ዝብሉ ኣይሰኣኑን`ዮም።

ንኣስታት 2 ክፍለ-ዘመን ዝኣክል ድማ ብቋንቋ ግእዝ ካብ ዝዋሃብ ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ወጻእ ካሊእ መማረጺ ዳርጋ ኣይነበረን ክበሃል ይከኣል`ዩ።እቲ ሕመረት 'ዘመናዊ' ዝበሃል ትምህርቲ ዕድል ተጓናጺፎም ክመሃሩ ዝከኣሉ ዉልቐ- ሰባት ናብ ኣህጉር ኣውሮፓ ክኸዱ ግድን ነበረ።

ንባሕሪር ጣሕርን ብክንደይ ዉጻእ ደይብ ነዊሕ ጉዕዞ ሓሊፎ ናብ ምዕቡላት ሃገራት ኤውሮጳ ሰጊሮም ትምህርቲ ፣ካብ ዝቐሰሙ ፈላሞት ሰባት ኸኣ ኣቶ ብሩ (ካብ ወልቃይት)፣ ማህደረቃል ተወልደምድህን (ካብ ኣድያቦ/ዓድዋ)
ምርጫ ወርቀን (ካብ ዓድዋ) ዝርከብዎም፣ ኣብ መበል 19 ክፍለዘመን ዝተብሃሉ መናእሰይ ከምዝኾኑ ፕሮፌሰር ባህሩ ዘውዴ ኣብ`ታ~ቀለስቲ ለውጥታት ኣብ ኢትዮጵያ ወይ ድማ 'Pioneers of Change in Ethiopia' ዝብል መጽሓፎም ጽሒፎም ኣስፈሮሞ ኣሎዉ`ዮም።

ኣቶ ብሩ ኣብ 18 ዓመቶም ብ1840ታት ዓ/ም ኣቢሉ ናብ እየሩሳሌም ከዱ። ካብ'ኡ ብመገዲ ሓደ ካቶሊካዊ ኣቡን ኸኣ ኣብ ማእኸላይ ባሕሪ እትርከብ-ማልታ ብምኻድ ማህደረ ትምህርቶ ተማሂሮም`ዮም። ኣብ'ቲ ቤት- ትምህርቲ ቋንቋታት ከም እኒ እንግሊዝኛ፣ላቲንኛ፣ዓረብኛ፣ፈረንሳይኛ፣ዓውደ ታሪኽ፣ጂኦግራፊን መጽሓፍ-ቅዱስን ኣጽኒዑ።

ምስ ወዲ ዓዶም ዝኾነ ማህደረቃል ተወልደመድህን ክላለዩን ብሓባር ኰይኖም ክመሃሩ ባብ ዝተርሓወሎም ኸኣ ሻቡን ኣብኡን እዩ።ወድ ወልቃይት ኣቶ ብሩ ድማ ሓደ ዝልለይሉ ባህርይ ተነይሩ "እዞም ምኩሓት ዓሌታውያን-ዘርኣውያን"- ብዝብል ኣረዳድኣ ንእንግሊዛውያን እምብዛ ዝጸልኡ ወከፍ ምንባሮም ሰነዳት ኣስፊሮሞ ኣሎዉ`ዮም ። ማኅደረ ትምህርቶም ምስ ዛዘሙ ናብ ምስሪ (ግብጺ) ተመሊሾም ኣብ ቤት-ጽሕፈት ክፍሊ ቴሌግራፍ ሰሪሖም`ዮም።




x ማህደረቃል ተወልደመድኅን ብወገኖም ማህደረ ትምህርቶም ብዝፈፀሙ ብቑዕ ክእለት ቋንቋ እንግሊዝኛን ፍሬንችን ክምዝነበሮም ብዙሓት ተመራመርቲ ኣብ ገግዚኡ መስኪሮሙሎም እዮም።

እቶም ሳልሳይ ምርጫ ወርቀ ኣብታ ብዙሓት ወጸእተኛታት ኣብ 18ን 19ን ክፍለዘመን ዝመላለሱዋ ዝነበሩ ዓድዋ ዝተወለዱን ብኣቦ ሓጎኦም ኣርመናዊ ዝኾኑ ዝውለዱን እዮም። ምርጫ ወርቀ ምስ ሓዎም ገብሩ ወርቅ፡ዝለዓለ ማህደረ ትምህርቲ ክመሃሩ ናብ ሙምባይ-ሕንዲ ኣሕዋት እዮም። እቶም ክልተ ኣሕዋት ኣብ 1837 ዓ/ም/ፈ ብምኻድ፣ድሕሪ መመላእታ 12 ዓመታት ማህደረ-ትምህርቶም ብምዝዛም- ናብ ዓድዋ ብዝተመለሱ ኣብ`ታ ዝተወለዱላ ኣውራጃ ዓድዋ ቤት-ትምህርቲ ከፊትቶም ምንባሮም መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ`ዮም።..."

ሃጸይ ቴዎድሮስ ንዝርካቦም መሳፍንቲ ኣንበርኪኾም ጥሙርን ሓያልን ስርዓተ ንግሥነት- ምስ መስረቱ እቶም ሰለስተ ኣብ ወጻኢ ዝተምሃሩ ሰባት ኣዚዮም ኣገደስትን ተደለይትን ዝክእልሉ ባይታ ዕድል ተፈጢሩሎም`ዩ። ምርጫ ወርቀ፣ኣብ ዘመነ ሃጸይ ቴዎድሮስ ክሳዕ ደረጃ ከም ፀሓፊ-ትእዛዝ ንጉሥ ኮይኖም ኣገልጊሎም`ዮም። ኣብ ዘመነ ሓጸይ ዮሃንስ'ውን ዕማማት ክፍሊ ወጻኢ ጉዳያት ኣላፊኖም ከም ዝሰርሑ ድርሳናት ታሪኾም ይሕብር`ዩ። ጀነራል ናፒየር ሰራዊት እንግሊዝ ሒዙ ብትግራይ ኣቢሉ ናብ መቅደላ ክሓልፍ ፍቓድ ክሓትት እንተሎ ድርድርን ውዕልን ኣብ ምክያድ ዋና ተወካሊ ዝነበሩ መሸሻ ወርቀ እዮም። ሰራዊት ግብጺ ብሰራዊት ሃፀይ ዮሃንስ ንካልኣይ ጊዜ ኣብ ጉራዕ ክሳዓር እንተሎ ንንጉሶም ወኪሎም ውዕል ምውዳእ ኩናት ዝተሰማምዑ መሸሻ ወርቀ እዮም።በዚ ኩሉ ምኽንያት "ሊቀ-መኳስ" ዝብል ማዓርግ ተዋሂብዎም ነይሩ።

ማህደረቃል ሃጸይ ቴድሮስን ሃፀይ ዮሃንስን ዋና ቱርጅማንን ኣማኻሪ ጉዳያት ወጻኢን ኮይኖም ኣገልጊሎም እዮም። ኣብዘበን ሃፀይ ዮሃንስ ምትርጓም ጥራሕ ዘይኮነስ ይጠቅም ኢሎምኣብ ዝሓሰብዎ ኣብ ልዕሊ ቃል ንጉስ ናይ ባዕሎም ወሲኾም ይዛረቡ ነይሮም ይብሉዋቶም እዮም።

ወድ ወልቃይ ኣቶ ብሩ ካብ`ቲ ዕዮ ሞያ ቴሌግራፍ ግብጺ ኣብ ካይሮ ለቒቖም ናብ ባጽዕ ተመሊሶም ኣብ ንግዲ ኣትዮም ናብዛ ሃገር ኣጽዋር ውግእ ማብ ምእታው ተዋፊሮም። ቀጺሎም'ውን ወኪል ሓፀይ ዮውሃንስ ኣብ ባጽዕ ኮይኖም ኣገልጊሎም`ዮም።..."

ኣብ መዳይ ሥነ ጽሑፍን ቋንቋን ተኰነ ዓቢይ ኣበርኽቶ ከም ዝገበሩ መጠን፡ኣብ ሓደ ጽሑፍ ብኸምዚ ሰፊሩ ነይሩ`ዩ።

" ...ሊቀ-ሊቃውንቲ ማህደረቃል እውን ኣብ ባጽዕን ኣስመራን ኰነ ኣብ ከረን ኣብ መበል 19 ክፍለ-ዘመን ክስተምህሩን ክትርጉሙን ኸለዉ፡ "ንስኹም ኣፍ-ዓድዋ-ኣድያቦ ኢኹም ትዛረቡ ዘለኹም እሞ ኣይንሰምዓኩምን ኣይነንብበልኩም!" ኣይተብሃሉን እዮም። ..."

ንሎሚ ወደሓንኹም!!